ነንብብ ክንዕንብብ - ቍ.111/2021
ብገርሃይኛ ኣዘራርባ ዝቀርብ ትምህርቲ
ለቡ/NB)፡ ሓበረታ ዚደሊ፡ ንኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ ክሓትት ይኽእል
Mühlrain 51, 70180-Stuttgart; Tel.0711-6494647, Fax-0711-6491143
www.katho.südgemeinden-stuttgart.de:e-mail:-st.justindejacobisgeez-ritus@drs.de

# „ቃል-ኣምላኽ ንኪፈጥር፡ ቃል-ሰብ ከኣ ንክእውጅ ተኽእሎ ዘሎዎ'ዩ“

ካብ'ቶም ቀዳሞት ኣርድእቲ ክርስቶስ ካብ ዚነበሩ ሓደ-ኣባል ዚነበረ መንእሰይ ዮውሓንስ ወዲ ዘበዴዎስ ሓዉ ንያዕቆብ ዚኾነ (ማቴ.3=21)፣ ብዛዕባ ንቃል መምህር ክርስቶስ ኣብ ጽሑፍ ዘስፈረሉ ትልሚ ኪገልጽ እንከሎ፣ „ንህልውናን፡ ዕብየትን፡ ዘለዓለማዊነትን“ ናይ ኣምላኽ መስተንክር ንናይ ምዃኑ ኩነት ከረድእ፣ ከም'ቶም ካብ ዘመኑ ብብዙሕ ኣማእት-ዓመታት ዚቀደሙ ዚነበሩ ግሪኻውያን ፈላስፋታት፡ ዚጥቀሙሉ ካብ ዚነብሩ ኣዘራርባ „ቃል“ ብዝብል „ኣምር“ ኪጅምሮ ንረኽቦ። እቲ „ቃል“ ብቕድሙ ከም-ዚነበረን፣ ኣብ ኣምላኽ ከም-ዚነበረን፣ ብገዛእ ርእሱ'ውን እቲ „ቃል“ „ኣምላኽ“ ከም-ዝነበረን፣ እቲ ህልውና ኪረክብ ዚኽኣለ ፍጥረት ኩሉ ከኣ፣ ካባኡ፡ ማለት፡- ካብ'ቲ „ቃልን“፡ በቲ „ቃልን“፡ ኪመሃዝ ከም-ዚተረኽበ፤ ፍልስፍና ሓዘል ብዚኾነ ዓሚቝ ኣምር ብዘሎዎ ኣገላልጻ ክትንትኖ ይርከብ። እኳ'ውን ድኣ፡ ኣብ'ታ „ቃል“ እትብል „ቃል“፦ „ሕይወት“ ከም-ዝነበረ፣ እታ ሕይወት ከኣ „ብርሃን-ሰብ“ ከም-ዝነበረት ብምባል፡ ድንቂ ዚኾነ፣ መልዕልተ-ባህርያዊ ስዕሊ ብዘሎዎ ኣመለኻኽታ፣ ረዚን ዚኾነ ልኡኽ ከመሓላልፈልና ንዕዘቦ። እዙይ ዓመት-ብዓመቱን፡ በዚ ዕለታት'ዚ'ውን፡ እነሰላስሎ ዘሎና ዝኽሪ ዕለተ-ልደተ-ክርስቶስ ከኣ፡ ምሳኡ ዚተተሓሓዘ „ታሪኻዊ ጭብጥነት“ ዘሎዎ ምዃኑ፡- „ፍለጥዎን፡ ተቀበልዎን“፡ እንበሃለሉ „እሙን-ብሥራት“ ኰይኑና ምርካቡ ክንዝንግዖ ዘይብልና ዋንነትና'ዩ። ብግልጺ ዚኾነ-ቋንቋ ትንተና ክንህብ እንተ-ተፈተነ፣ ንሕና ለባውያን ዚኾና ደቂ-ሰባት፦ ኣብ ምድራዊ-ሕይወትና እንከሎና፣ „ክንፈልጠን፡ ክንቅበሎን“፡ ዘድልየና ርኽበት ማእለያ ዘይ-ርከቦ ኪኸውን ይክኣል'ዩ!! ግንከ ብኸፊሉ፣ ቀዳምነት ብምሃብ ኪንዓየሉ ዚግብኣና ነገራት፣ ብቀረባ'ውን፡ ተመላሳሲ ዚኾነ ርክብ ዘሎዎ፣ እሞ ከኣ ምስ መዓልታዊ-ህልውናና ተቈሪኑ ዚኸይድን፡ ዚቈራቈስን ርኽበት፣ እዚ'ዩ ንምባል ብቕዓት ዘሎና ኪንኸውን ይግብኣና። „ብርሃንን፡ ጸላምን“፡ ክልተው ዘይ-ሳነዩ፣ እሞ ኽዓ ተጨበጥቲ (ማለት፦ ህልውናኦም ዘይ-ከሓድ) ካብ ተፈጥሮ-እግዚኣብሔር ሓደ-ኣካል ዚኾኑና ርኽበታት ከም-ዘሎዉና ብምንም ምኽንያት እንኽሕዶም ኣይ-ኮኑን። ብርሃን፡ ንጸልማት፡ ከም-ዚገዝእ፣ ብኣንጻሩ-ግን እቱይ „ጸልማት“ እንብሎ ንሾነተ-„ብርሃን“ ክዕብልሎ ከም-ዘይ-ክእል፣ ኣብ'ቲ ዑደተ-ህዋና ብዝካየድ ስርዓተ-ተፈጥሮኣዊ ኩነት፣ ገምጋምና ንምሃብ ከም-ዘይ-ንጽገም ርዱእ ጭብጥነት ዘሎና ኰይኑ ምርካቡ'ዩ። እዚ ማለት፦ ንሾነተ „ጸልማት“ „ብብርሃን“ ክንትክእ ይክኣል ድኣ'በር፣ ብተቓራኒኡ፡ ንብርሃን „ብጸልማት“ ክንትክእ ኣይ-ክኣልን። እቱይ ዋና ገዛኢ ብምዃን ንኽዕብልል ብቕዓት ኣሎዎ ኪብሃል ዚክኣል፡ „ህልውና ብርሃን“ እንተ-ተረጋገጸ ጥራሕ ምዃኑ'ዩ። „ብርሃን“ ኣምጺእካ ንጸልማት ከተባርር ድኣ'ዩ'በር፣ „ጸልማት“ ኣምጺኤ ንብርሃን ከባርር እኽእል'የ ኪበሃል ዘበት'ዩ። ምኽንያቱ፦ ከምኡ ኪኸውን ስለ-ዘይ-ክእል። እቲ ዋና ተዋሳኣይ „ብርሃን“ ጥራሕ'ዩ። እቱይ ብኣምላኽ ንዚተላእከ መሲሕ መንገዲ ንክጸርገሉ፡ እሞ ከዓ ብዛዕባ „ብርሃን“ ኪምስክር ንዚመጸ፡ ናይ ኣረጊት-ዘመን ዓጸዋይ-ነቢይ ዚኾነ „ዮውሓንስ መጥምቕ“፡-ንሕይወተ-ምስክርነቱ ናብ ኣስተንትኖ እንተ-ኣውረድናዮ እንብኣር፦ ብሓቂ እቱይ ዓመታውን፡ ዕለታውን፡ መንፈሳዊ ድግስና፣ „ንቅድስና“ ገጽና ከም-ዘሰናድወና ዘይ-ኣጠራጥር ንኪኸውን ርግጽነት ይህበና። ስለ'ዚ፦ „ንኹሉ-ሰብ“ ብዘይ ሌላን-ጕሌላን ዜብርህ „ብርሃን-ሓቂ“ ናብ „ዓለምና“፡ ናብ „ኣባይትና“፡ ናብ „ግላዊ-ልባትና“...ኪመጽእ ካብ ተረኽበ፣ „ፈሊጥናካ ኣሎና“ ንኽንብሎ ሓለፍነት ነፍስወከፍና'ዩ። ብዓቢኡ'ውን'ኳ፡ „ውሉድ-ኣምላኽ“ ንኺንከውን „ሥልጣን“ ንምእንቲ ኪህበና፡ „ተቀቢልናካ'ሎና“፣ „ኣሚናካ'ሎና“፣ ንኽንብሎ ድሉውነትና ከነረጋግጽ ይግብኣና። ብፍላይ ከም'ቲ ዚቀደመ ሓዋርያ ክርስትናና ዚኾነ „ሳውል-ጳውሎስ“፣ „ወልደ-ኣብ ንዚኾነ ኢየሱስ ክርስቶስ“ ብመንፈስ ንዚተኹልዓሉ-ቃል „ስሚዑን“፡

„ኣሚኑን“ ከም-ዚተረኽበ፣ ንሕና'ውን ኣብ ናይ ከምኡ ደረጃ ንክንድይብ ንሕተት። ብፍላይ እዚ ሓዋርያ'ዚ ማለት፦ ጳውሎስ ንሰብ-ገላትያ ኣብ ዚጸሓፈሎም መልእኽተ-ትምህርቱ (ገላ.1=16፣2=20፣4=4-5፣...)፣ካብ'ቶም ምሩጻት ኣርድእቲ ከም-ዘይ-ነበረን፡ እኳ'ውን ድኣ፡ ብኣካል ምስኦም ዚተራኸቦምስ ክልተው ኣርድእቲ (ኬፋ-ጴጥሮስን፡ ያዕቆብ ሓው ጐይታና) ጥራሕ ምንባሮም ብምትራኽ፣ ኣብ ዞባ ይሁዳ ዚነበራ ኣብያተ ክርስትና፡ መሳደዲ ምንባሩ ድኣ'በር „መስካሪ፡ ወዲ-ማሕበር-ክርስትና) ምኳኑ ከም-ዘይፈልጣኦ ክጠቅስ ንዕዘቦ። እዚ ማለቱ ከዓ፦ ብዛዕባ ኩነቱ ፕሮፓጋንዳ ንኪገብር ዘይ-ኮነስ፦ „ንቃል-መንፈስ“ ሰሚዐዮን፡ ኣሚነዮን ኣሎኹ፣ ሕጂ ከኣ ኣብ ውራይ ሓዋርያዊ-ዕዮይ ጥራሕ'የ ዘድህብ ዘሎኹ ክብል ስለ-ዚደለየ'ዩ። ስለ'ዚ ሎሚ'ውን ነቲ ሰብኣዊነት ደቂ-ኣዳም ንክለብስ ትሕትናኡ ንዝለገሰልና ወልደ-ኣብ ንዚኾነ ዕንዱ-ኢየሱስ እንዳ-ኣኽበርና ኣብ ዘሎናሉ ሰዓተ-ምህለላ፣ ሓደ-ዓቢይ ዚኾነ „ጸጋ ዘብዝሕ“፦ ፍቅርን፡ ሓድነትን፡ ሓጐስን ዘኽትል፣ „ምሥጢረ-ተክሊል“ ናይ ቤተክርስትያን ክፍጽሙ፣ እሞ ከኣ ቃሎም ንኪህቡ ኣብ ቅድሚ ታቦተ-እግዚኣብሔርን፡ ምእመናንን፡ ተደፊኦም ልመናኦም ንዘቅርቡ ክልተው መንእሰያትና ከነዓጅብ እንከሎና፣ „ውሉድ-ኣምላኽ“ ንምእንቲ ክንከውን፣ „ኣምላኻዊ ውህበተ-ሥልጣ(ን)ና“ ንምእንቲ ከነረጋግጽ፣ „ተቀቢልናካ'ሎና፣ ኣሚናካ'ሎና“፣ ንዝብል ቃልና ንከነሓድስ ባይታ ምጥጣሕ'ዩ። ብፍላይ ከዓ ንሳቶም እዞም ናይ ሎሚ ቃል-ወሃብቲ ኰይኖም ተረኺቦም ዘሎዉ ሓደስቲ መርዑት፣ ብዝህብዎ ኪዳናዊ-ቃል፡ „ምስ ክርስቶስ ከም-ዝተወልዱ ኰይኖም ከምዝርኣዩና'ዮም ዘግብረና። በዛ እና ምእመናን ብዚኾነት ቊምስናና ናይ „ቅዱስ ያዕቆብ ዩስጢኖስ“ ኣቢልኩም ብእትኣትውዎ ኪዳን፡ ናይ'ታ ዓለም-ለኻዊት ቤተክርስትያን ክርስቶስ ኣካል እሞ ከኣ ሓንቲ ሕያው ዚኾነት „ንእሽቶይ ቤተክርስትያን ክርስቶስ“ ብምኳን፡ ኣብ መንጐ'ቲ ዘሎኹምዎ ሕብረተ-ሰብ ትበቊሉን፡ ትጭሕጭሑን፡ ኣሎኹም ማለት'ዩ። ስለ'ዚ፦ እዚ ሎሚ ንእግዚኣብሔርን፡ ንቤተክርስትያኑን፡ ዚሃብኩምዎ ቃልኩም፦ ንጽባሕን፡ ንድሕሪኡ ኣብ ዚከታተል መዋዕልኩምን፣ ኣብ ናይ ምዕባር እዝማምያ ክዝንብል ከይ-ርከብ፡ ሌተ-ቀን ክትከናኸንዎ ንክትርከቡ ትግሃት ዚተላበሰ ጻዕርኹም ኣይ-ተጕድሉ ንብል። እቲ ምብልሓትኩም ከዓ፡ ኣብ „ዓለማውን - ሥጋውን“ ሜላታት ጥራሕ ዚተሓጽረ ዘይ-ኮነስ፣ ብመንፈሳዊ-ስንቂ ዚተሰነየ ክትገብርዎ ከም-ዘሎኩም ኣይ-ትረስዑ። ልቦናን፡ ጽንዓትን፡ ሕይወተ-ቅድስናን ብምልባስ ሰናይ ዘርኢ እትዘርኡ ይግበርኩም። ንኹልና'ውን ቡራኬ ኢየሱስ ሕፃን ኣይፈለየና።ኣሜን።ኣባ ዮሴፍ በየድ ኣወድ/ Abba Yosieph Beyed Awod:2021